# መልእኽቲ ካብ ግዚያዊ ቀንዲ ኣማኻሪ ህንጻት

ዳርጋ ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ኣብቲ ስራሕ ድሕሪ ምጽንሐይ ሎሚ ነዚ መልእኽቲ ከም ግዚያዊ ቀንዲ ኣማኻሪ ህንጻት ኰይነ እዝርግሕ ኣለኹ። ብዕለት 30 መስከረም 2025 እየ ተመዚዘ፡ ስርሐይ ድማ፡ ኣብ ውሕስነት ህንጻታትን ናይ ምቍጽጻር ኣሰራርሓታትን ንመንግስቲ ዘይሻራዊ ብድሆ (ምጒት)፣ ምቍጽጽርን ምኽሪን ምቕራብ እዩ።

እዚ ስራሕ ብመሰረት ምጽራይ ግሬንፈል ታወር ዝተበገሰ እዩ ነይሩ፤ ኣብኡ ድማ ከም ኣባል ተሰቲፈ ነይረ። ከም ግዚያዊ ቀንዲ ኣማኻሪ ህንጻት ንዝተወሃበኒ ሓላፍነት ተቐቢለ ኣለኹ። እቲ ዝተኻየደ ምጽራይ፡ ንግሬንፈልል ታወር፡72 ንጹሃት ሰባት ህይወቶም ዝሰኣኑሉ ሓደ ኣሰቃቒ ፍጻመ ገይሩ'ዩ ዝሓስቦ፤ እዚ ድማ ብሰንኪ" ንዓሰርተታት ዓመታት ክውህለል ዝጸንሐ ድኽመታት ናይ ማእከላይ መንግስቲን ኣብ ናይ ህንጻት ኢንዱስትሪ ሓላፍነት ዝተሰከሙ ካልኦት ኣካላትን ዝሰዓበ'ዩ"።[1] ካብቲ ዘሕዝን ፍጻመ ኣትሒዙ፡ ዳግማይ ናይ ምትዕርራይ ስራሕ ዘድልዮም ውሕስነት ዘይብሎም ኣሽሓት ርብራባት ዝርከቡዎም ብዙሓት ህንጻታት ውሕስነት ዘይብሎም ኰይኖም ተረኺቦም'ዮም። ዘለኒ ናይ ዘይሻራዊ ስራሕ፡ ንውሕስነት ህንጻታትን ናይ ምቍጽጻር ለውጥታትን ኣብ ዝምልከቱ ቀንዲ ጉዳያት ንመንግስቲ ምክሪ ኣብ ምሃብ ኣገዳሲ ደገፍ ከምዝኾነ እርዳእ።

ስርሐይ ዘይሻራዊ እዩ ኣነውን ናይ ኢንዱስትሪ ወኪል ኣይኰንኩን። ካልኦት ኣካላትውን ዘበርክትዎ ኣገዳሲ ርእይቶ ከምዘሎ እርዳእ። በዚ ድማ፡ ዘይሻራዊ ምኽሪ ንምሃብ ዝሕግዘኒ ገፊሕ ኣረኣእያታት ከምጽእ ድሌት ኣለኒ። ካብቲ ብቐጥታ ዝረኸብኩዎ ተመኩሮ፡ ንተግባራት ውሕስነት ምምሕያሽ፡ ትካላት ንብቕዓቶምን ቀጻልነት ዘለዎ ልዑል ደረጃ ጽፈት ስራሕ ንዓማዊሎም ከርእዩ ዕድል ዝህቦም እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ናይ ህንጻ ስራሕት ተዋፊርና ንዘለና ኩልና ሰባት ነቶም ኣብቲ ህንጻ ንዝነብሩን ንዝሰርሑ ሰባት ማእከል ናይቲ እንገብሮ ስርሓትና ክንገብሮም ናይ ስነምግባር ሓላፍነት ኣለና።

ኣብ ስርሐይ ቀዳምነት ክወሃቦም ኣብ ዝግባእ ጉዳያት ምስ ሚኒስተር ውሕስነት ህንጻት ተሰማሚዕና ኢና። ስርሐይ ዘብቕዓሉ ግዜ ኣብ ዝቃረበሉ ንስርሐይ ዝምልከት ምሉእ ጸብጻብ ኽቕርብ ሓሳብ ኣለኒ። ምስዚ ድማ፡ ነቲ ንዓይ ዝትክኣኒ ሰብ ብዝግባእ ስርሐይ ከረክብ እየ። መንግስቲ ኣብ መወዳእታ እዚ ዓመት ዋና ኣማኻሪ ህንጻን ሳይንስን (CCSA) ንምምዛዝ መደብ ከምዘለዎ ኣብቲ ብምጽራያት ግሬንፈል ታወር ንዝቐረቡ ለበዋታት ኣብ ምትግባር መንግስቲ ዝሰርሖ ንዘሎ ስርሓት ዝምልከት ጸብጻብ ተገሊጹ ኣስተብሂለ ኣለኹ።

### ኣብ ስራሕ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜያት ቀዳምነታት ዝህበሎም፡

ቀዳምነታት ኣብ ምምራጽ፡ ሓበሬታ ካብ መርትዖታት ምጽራይ ግሬንፈል ታወርን ኣብ ገፊሕ ቀረብ ኣባጺቲ ዝተረኣየ ድኽመታትን ረኺበ ነይረ። በቲ ዝተገብረ ምጽራያት ዝተቓለዐ ዓቐን ድኽመታትን ምሱኡ ተኣሳሲሩ ዝቐረበ ለበዋታትን እንተላይ ድሒሩ ኣብ ኣሽሓት ህንጻታት ዝተረኣየ ዘይውሑስ ርብራብ ኣብ

[1] ምጽራያት ግሬንፈል ታወር፡ ደረጃ 2 ጸብጻብ፣ ሕታም 1, ምዕራፍ 2 ነጥብ 2.4, ገጽ 9

ህንጻታትን ገፊሕ ናይ ውሕስነት ጸገማትን፡ ኣብቲ ንመንግስቲ ዘቕርቦ ምኽርታት ኣገደስቲ ክፋላት እዮም ነይሮም። ኣብቲ ዘድልየሉ ቦታ ዝተዋደደ ለውጥታት ክካየድ ደገፍ ክህብ ድሌት ኣለኒ።

ነቲ ብምጽራይ ግሬንፈል ታወር ዝቐረበ መርትዖታት ግብረ መልሲ ኣብ ምሃብ፡ ማእከላይ መንግስቲን እቲ ዝገፈሐ ኢንዱስትሪ ህንጻ ብዙሓት ሰባት በጺሕዎም ንዘሎ ኪስራታት ግድን ክርስዑ የብሎምን። እቶም ስድራ ዝሞቶም፡ ካብ ሓደጋ ዘምለጡን ገፊሕ ሕበረተሰብ ግሬንፌልን እቶም ዘይውሑስ ኣብ ዝኾነ ህንጻታት ኣብ ምንባርን ስራሕን ዝርከቡ ሰባት፡ ካብ ዘሐዝን ፍጻመ ግሬንፈል ታወር ዝመሃር፣ ዘይውሑስ ህንጻታት ዝጽግንን ኣብ መጻኢ ውሕስነት ዝፈጥርን ኣሰራርሓ ኽንቕርበሎም ዘሰከሙና ዕዳ ኣሎ ። ንውሕስነትን ጽፈትን ናይቶም ሓደስቲ ኲነ ሕጂ ዘለዉ ህንጻታት ዘመሓይሽ ነዊሕ ዝጸንሕን ገስጋሲን ለውጢ ግድን ክንፈጥር ይግባኣና። ነዚ ክንገብር ከለና፡ ንነበርቲን ተጠቀምቲን ህንጻ ኣብ ማእከል ሓሳባትና ኽነቐምጦም ይግባኣና። ኣብ ውሽጢ ህንጻ ኲነ ካብ ህንጻ ወጻኢ ንዘለዎም ድሌታት ኣብ ግምት ከነእቱ ይግባእ በዚ ድማ ሰባት ዝነበሩሉን ዝሰርሑሉን ቦታ ውሑስ ከባቢ ይኸውን።

ኣብቲ ዝቀረበ መርትዖታት መልሲ ኣብ ምሃብ፡ ኣብዚ ተራን ሓላፍነት መሻርኽቲ ምስ ዝኾኑ ኣካላት ኣብዝገብሮ ርክባትን ከም ኣርክቴክት ዘለኒ ውልቂ ተመክሮታተይን [ብምጥቃም] እዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ኣብ ስራሕ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ ቀዳምነት ይወሃቡ፡

- ለውጢ ኣብ ምቍጽጻር ፍርያት ህንጸት፣
- ደረጃታት ብቕዓት ምህናጽ ህንጻታትን ኣብቲ ህንጸት ዝሳተፉ ሰብ ሞያን
- መርትዖ ዝእከበሉ መገዲን ካብ ሓደጋ ዘምለጡ ፍጻመታት ዝህቡና ትምህርቲን
- ቀዋሚ ስራሕ ናይ ዋና ኣማኻሪ ህንጻን ሳይንስን (CCSA) ክህሉ ምሕጋዝ

ዝበለጸ ጽልዋ ክፈጥረሉ እኽእል ኢየ ኢለ ዝኣመንኩሉን ነቲ ድሮ ተሃኒጹ ንዘሎ ክውክሉ ይኽእሉ ኣብ ዝብለኩዎም እዞም መዳያት ከተኩር ወሲነለኹ። ኣብዞም ናይ ሕጂ ህንጻታት ንዘሎ ጸገማት ምእላይ ከምኡውን ህንጻታት ብቐጻልነት ልዑል ደረጃ ብዘለዎ ብቕዓት ከምዝህነጹ ምግባር፡ ኣብ ኣድማዒ ምቍጽጻርን ትግባረን ከምኡውን ኣብ ውሽጢቲ ናይ ኢንዱስትሪ ህንጻ ዘሎ ባህልን ጠባያን ይምርኰስ እዩ። ምምሕያሻት ክህሉ ተራይ ክገብር እየ።

ክሳዕ ሕጂ፡ ምስ መንግስቲን ዝተሃንጹ ከባቢታትን ተሳቲፈ እየ። ምስ ሚኒስተር ውሕስነት ህንጻ ቀጻሊ ርክብ ኣለኒ። ምስ ሰበስልጣን ናይ ሚኒስተር ገዛውቲ፣ ሕበረተሰብን ምምሕዳር ከባቢ ተራኺበ እየ፣ ምስ ኣንዲ ሮዝ፣ ኣቦ መንበር ምቍጽጻር ውሕስነት ህንጻ (BSR)፣ ቻርሊ ፐግስለይ፣ ዋና በዓል መዚ ኣካያዲ ስራሕ ናይ ምቍጽጻር ውሕስነት ህንጻ (BSR)ን ተሪር ናይ ስራሕ ዝምድና ፈጢርና ኣለና ከምኡውን ኣብ ምክያድ ስራሕ ጥዕናን ውሕስነትን ቀንዲ ኣማኻሪ ሳይንስ ምስ ዝኾነ ኣንድሪው ኩራን ተራኺበ እየ። ካብ መንግስቲ ወጻኢ፡ ምስ ኢንዱስትሪን ካልኦት መሻርኽቲን ብናይ ውልቂ ዝርርብ ኲነ ንኣብነት ኣብ ኰንስትራክሽን ሊደርሺፕ ካውንስልን ቢዩልድ ዩኬ ኣባላት ኣብ ዘቕርቡዎ ካልኦት ዓውድታት ተሳቲፈ እየ። ብዛዕባቲ ኣብ ውሕስነት ህንጸትን ለውጥታት ቍጽጽርን ዝነበራ ናይ ቀደምን ናይ ሕጂን ስራሕን ብዝምልከት ንምዝርራብ ምስ ዴም ጁዲት ሃኪት ተራኺበ እየ። ብተወሳኺ በዚ ድማ ከም ናይ ቀደም ቀንዲ ኣማኻሪ ህንጸት፡ ብዛዕባ ተመኲሮ ከምኡውን ኣብቲ ዘይሻራዊ ገምጋም ተፍትሽ ፍርያት ህንጸት ዝሰርሖ ስራሕ ክሕብረኒ ምስ ፖል ሞረል ተዘራሪበ እየ።

**ዝቕጽሉ ስጉምታተይ**

ኣብቲ ተሪፉ ዘሎ ናይ ስራሕ ግዜይ፡ ናይ መንግስቲ ፖሊሲታት ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ዝህልወኒ ኣተኩሮ ንቀዳምነታተይ ምትግባርን ዘይሻራዊ ምኽሪ ኣብ ምሃብ እዩ ዝኸውን። ንዝገብሮ ርክባት ከግፍሕ ድሌት ኣለኒ። ከም በዓል ጉጅለ ነበርቲ ናይ ምቍጽጻር ውሕስነት ህንጻት (ቢ ኢስ ኣር) ዝኣመሰሉ ጉጅለታት ነበርቲ ክዘራረብ ከምኡውን ንውሕስነት ህንጻትን ለውጥታት ምቍጽጻርን ኣብ ዝምልከቱ ናይ ህዝባዊ ክትዓት ንጥፈታት ክሳተፍ እጽበይ ኣለኹ። ነዚ ዝርርብ፡ ተወሳኺ ምምሕያሽ ክስርሓሉ ኣብ ዝኽእል መዳያት፡ክህቦ ንዝኽእል ምኽሪ ቅርጺ ንምትሓዝን ሃናጺ ብዝኾነ መገዲ ንምብዳህ ኽጥቀመሉ እየ።

ኣብ መወዳእታ ናይ ስራሕ ግዜይ ማለት ኣብ መስከረም 2026፡ ከም ግዜያዊ ቀንዲ ኣማኻሪ ህንጻት ንዝዓመምኩዎ ስራሓት ዝዝርዝር ጸብጻብ ኽቕርብ መደብ ኣለኒ። ኣብ ውሕስነት ህንጻትን ናይ ምቍጽጻር ለውጢን ምምሕያሻት ንምትእትታው ተራይ ክጻወት ብምኽኣለይ ዓቢ ክብሪ ይስምዓኒ። ግዜ ድሩት ኰይኑ እንከሎ፡ መሰረት ናይቲ ብሕጂ ዝምዘዝ ዋና ኣማኻሪ ህንጻን ሳይንስን (CCSA) ኣብ ምድላው ተጊሄ እሰርሕ ከምኡውን ነዚ ዕድል ብምጥቃም ብማዕረ ዝባጻሕን ገስጋሲን ኣገባባትን ተበግሶታትን እኽተል።